# ጊዘ እናሃለወና ጊዜ ኣይንፀበ



ቃልሲ ግዕዝይና ንህገርና ሓዱሽ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዝሓለፉ 27 ዓመታት ብሰንኪ ግዕዝይና ብርክት ዝበሉ ኣመራርሓ እናንጠብጠብና ኢና መፂና፡፡ ትግራዋይ ንግዕዝይና ዝፃወር ኣይኮነን እናገምገመ እናመከተ መፂኡ እዩ፡፡ ግን ድማ እቲ ሽግር በቲ ዝድለ እናተቓለስናዮ ብዘይ ምኻድና ነቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ኣቓሊዑና፡፡ ብምኽኑውን ዋላኳ ንክልልናን ውድብናን ክነድሕን እንተኸኣልና፣ ኣብቲ ቃልሲ ዘየድሊ ጊዜ ብምውሳድና ግን ንኢህወዴግ ክነድሕን ብዘይምኽኣልና፣ ሓብሒብና ኣብዚ ዘብፃሕናዮ ሃገራዊ ውድብ ንምእማን


ሀዳሰ ኢትዮጵያ hidaseethiopia@yahoo.com ወይከዓ hidaseethiopiaa@gmail.com

ብዘፀግም ኣንፃር ተጋሩ ተላዒሎ፣ ከም ገዛእትና ብዝተፈላለዩ መልክዓት ብሄር ተኮር መጥቃዕቲ የካይድ ኣሎ፡፡

ኣብዙ ሀዚ ሰዓት ትግራዋይ ውሽጣዊ ቅሳነትን ምርግጋዕን ስኢኑ ይርከብ፡፡ እዚ ድማ እቲ ሎምቅነ ብሽም ግዕዝይና ዝእሰሩ ዘለዉ ተወለድቲ ትግራይ ዝኾኑ ጥራሕ ብምኳኖም እዩ፡፡ ንጉዕዝያት ሰረቕትን ብናይ ህዝቢ ስልጣንን ሓላፍነትን ዝብዕልጉ ዜጋታት፣ ተጋሩ ስለዝኾኑ ንምንታይ ይእሰሩ ብዝብል ኣይኮነን ትግራዋይ ቅሳነት ስኢኑ ዘሎ፡፡ እቲ ዝግበር ዘሎ ዘመቻ ብትኽክል ኣንፃር ግዕዝይና እንተኾይኑ ብትግራዋይ ምጅማሩ ካብ ማንም ንላዕሊ ንትግራይ ይጠቅም እምበር ኣይጎድእን፡፡ ምኽንያቱ ዝጋዕዘየ ገዛኻ ምዕራይ ጥቕሚ እምበር ጉድኣት የብሉን፡፡ እቲ ንትግራዋይ ዘየረጋግየ ዘሎ ግን ካሊእ እዩ፡፡ ንባዕሎም ጋዕዚዮምስ ከመይ ገይሮም ናይማቶም ግዕዝይና ይፀርጉ እዩ፡ ፡ እዚ ከዓ ግቡእ ይመስለኒ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ 2-3 ዓመታት እንትንግምግም ሰፍ ዘይብል ፀገማት ከምዝነበረና ብፍላይ ክራይ ኣካብነት ዓብዪ ፀገምና ከምዝኾነ ገምጊምና ኢና፡፡ ግን ድማ ናብ ባዓል ዋና ምጥባቕ ኣብዩና ኢልና ንደጋግሞ ነይርና፡፡ ሐዚ ምስ ሰባት ምጥባቕ ምጅማሩ ያዒስ ዘብል እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ኩሉ ዘይምኳኑ፣ ኣብ ሓደ ብሄር ጥራሕ ትኹረት ዝገበረ ምኳኑ፣ ገሊኡ ሓምሓም ልቡ ዝወቕዕን ተቃላሳይን ናይ ለውጢ ሓይሊን መሲሉ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ገለ ገለ ሓይሊ ድማ ካብቶም ዝእሰሩ ዘለዉ ጥርጡራት ዘይነኣኣስ ጥርጣረ ዘለዎም ኮይኖም እንትርከቡ ግን የሰክፈካ፡፡

ስለዚ እቲ ቃልስና፣ ተጋሩ ንምንታይ ይንክኡ ዘይኮነስ ጉዕዙይ ጉዕዙይ ስለዝኾነ ንኹሉ ነፀርዮ ዝብል ክኸውን ይግባእ፡፡ ትግራዋይ ጉዕዙይ ዝወረሮ ገንዘብ ንውልቁን መሻርኽቱን እምበር ንህዝቢ ትግራይ ጥር ትብል ጥቕሚ የብሉን፣ ናይቲ ካሊእ ብሄር ጉዕዙይ እውን ከምኡ፡፡ ኩሎም ጉዕዝያት ድማ ናይ ሃገር

ፀገማት ፈጠርቲ እምበር ጠቐምቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን፡፡ ንኢትዮጵያ ትግራዋይ ጉዕዙይ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝጎድኣስ ኩሉ ኣምሓራይ፣ ኦሮሞታይ፣ ደቡበታይን ካልኦትን ጉዕዝያት ጎዳእታ እዮም፡፡ ስለዚ ኣንፃር ግዕዝይና ዝግበር ቃልሲ ብሂር ተኮር ጌርና ንሽድ እንተኾይንና ንማንም ኣይጠቅምን ዝገደደ ፀገም ከምፅእ እንተዘይኮይኑ፡፡

እቲ ናብ ስልጣን መፂኡ ዘሎ ጉጅለ፣ ሰበብ ኣስባብ እናፈጠረ ኣብ ፌደራል መስራቤታት ዝነበሩ ተጋሩ ብፍላይ ኣብ ዝላዓለ ሓላፍነት ዝነበሩ ዳርጋ ንመብዛሕቶም ምባል ይከኣል ገሊኦም ብምንስፋፍ፣ ገሊኦም ብጡሮታ፣ ገሊኦም ብምእጋድ፣ ገሊኦም ብምብራር ስጉምቲ ተወሲድዎም እዩ፡፡ እዚ ዓቐን ዘይብሉ ዕብዳን እዩ እንተተብሃለ ምግናን ኣይኾውንን፡፡ ስለዚ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ምርግጋፁ ኣይተርፍን ግን ድማ ክሳብ ዝረጋጋፅ ኢልና ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና ክንፅበዮ የብልናን፡፡ ነዚ ኩነታት ከም ዕድል ወሲድና ንረብሓና ክነውዕሎ ይግባእ፡፡

ኣብዙ ሀዚ እዋን ከም ተጋሩ ኣብ ሞንጎ ክልተ ግፍዐኛታት ፀላእቲ ተኸቢብና ኣለና ዝብል ድምዳመ ዳርጋ ኩሉ ትግራዋይ ይሰማመዐሉ ምባል ይከኣል፡፡ ምኽንያቱ እቶም ብክልሰ ሓሳብን ብፕሮፖጋንዳ ንሰምየም ዝነበርና ውዲታት ትምክሕቲ፣ ፀበብትን፣ ሻዕብያን ኩሎም ሓደ ብሓደ እንትገሃዱ ንሪኦም ስለዘለና፡፡ ስለዚ ኣብዚ ሰፊሕ ምርድዳእን ሕራነን ምህላዉ ናብ ዕድል ክንልውጦን ክንሰርሓሉን ይግባእ፡፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ዘረባን ሓሳባትን ኣብ ምፍላኽ ጥራሕ ኢና ተሓፂርና ዘለና፣ ስለዚ ዳይ ናብ ተግባር ንእቶ፡፡

ናይ ታይዋንን ናይ ደቡብ ኮርያን ናይ ዕዉት ልምዓት ጉዕዞ ታሪክ ዘምህረና እዚ እዩ፡፡ኣብዙ ሀዚ እዋን ታይዋንን ኮርያን ኣብ ዓለምና ኣለዋ ካብ ዝበሃላ ዝለምዓ ወይ ሃፋትም ዝበባሃለ ሃገራት እየን፡፡ እዚ ዝረአ ልምዓተን ድማ ካብ ዓለምና ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ዝተረኸበ/ዝረኸበኦ ተባሂለን ይጥቀሳ፡፡ ***ናይዚ ዓወተን***

*ሓደ ምሽጥሩ ከምቲ ሀዚ ነዓና በዒሑና ዘሎ ፀገምን ፀበባን በዒሑወን መንግስትን ህዝብን ከም ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፃት ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባን ሕራነን ሒዞም ብምብጋሶም እዩ፡፡* ደቡብ ኮርያ ናይ ሰሜን ኮርያ ኮሚኒስት ፓርቲ መፂኡ ክውሕጠና እዩ ዝብል ምንም ትንታነ ዘየድልዮ ካብ ላዕለዋይ ሙሁር ኮርያ ክሳብ ተራ ገባር ኮርያ ምርድዳእ ብምብፃሖም ኩሉ ነገር ገዲፎም ናብ ልምዓትን ዓቕሞም ምድልዳልን ኣትዮም ሀዚ ኣብቲ ንሪኦ ዘለና ብርኪ በፂሖም፡፡ ታይዋን እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ንቻይና ዝመርሕ ዝነበረ ኮሚታንግ ዝበሃል ናይ ፊውዳላት ፓርቲ፣ ብናይ ቻይና ኮሚኒስታዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካብ ሙሉእ ቻይና ፀራሪጉ ብምውፃእ ናብ ግዝኣት ቻይና ዝነበረት ታይዋን ደሴት ክህድሙ ስለዝገበሮም፣ እቲ ናይ ቻይና ህዝባዊ ሓይሊ ናብ ታይዋን ንምኻድ ዝተወደበ ናይ መርከብን ባሕሪ ሓይሊን ስለዘይነበሮ ንጊዚኡ ክሳብ ሓይሊ ባሕሪ ዘጥሪ ይፅነሓለይ ኢሉ ብምምላሱ፤ እቲ ናብ ደሴት ታይዋን ዝሃደመ ሓይሊ ጊዜ ብምርካቡ፣ ቻይና ኮሚኒስት ፓርቲ ናይ ባሕሪ ሓይሊ ሃኒፁ መፂኡ ከጥፈኣኒ እዩ ስለዚ ህልውናና ንምርግጋፅ ብኩሉመዳይ ለውጢ ልምዓት ክነረጋግፅ ይግባእ ዝብል ውሳነ ወሲኑ፡፡ እዚ ናይ ሃለዋት ስግኣት ድማ ኣብቲ ፓርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ ናይ ታይዋን ዜጋ ብምስራፁ ካብ ወረራ ንክወፁ ልዕሊ ቻይና ብኩሉ መዳይ ክንለምዕ ይግባእ ኢሎም ተበጊሶም ልክዕ ከም ደቡብ ኮርያ ሀዚ ናይ ዓለምና ሃፍታግ ሃገር ምኳን በፂሖም፡፡

ስለዚ ንሕና ሐዚ በዒሑና ዘሎ ምቕርቃርን ፀበባን ኩሉ ትግራዋይ ይኣምነሉን ይሪኦን ስለዘሎ ነዚ ሓድነትን ሓባራዊ ምርድዳእን ተጠቒምና፣ ነቲ ካብ ፌደራል መንግስታዊ ቤ/ፅ ተንሳፊፉ ዘሎ ሙህርን በዓል ሃፍታም ተሞክሮን ዜጋና ኣኪብና፣ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሰብኣውን ንዋታዊን ዑቑር ሃፍቲ ተጠቒምና ልክዕ ከምቲ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ጊዜ ንሓደ ዕላማ /ደርጊ ንምድምሳስ/ ዝዓሰልና ሐዚውን ክልልና ብምልዋጥ ካብዚ መንቀርቅሮ ክንወፅእ ይግባእ፡፡ ውድብ



*ህዳሰ ኢትዮጵያ hidaseethiopia@yahoo.com ወይከዓ hidaseethiopiaa@gmail.com*

ህወሓትን ክልላዊ መንግስትናን ድማ ከም ናይ ደቡብ ኮርያን ናይ ታይዋን ኮሚታንግን ዝገበርዎ፤ ነዚ ተበግሶ ክወስድ ይግባእ፡፡ ሐዚውን ዝደቀስናን ስቕ ኢልና ጊዜ ክፈትሐልና ንፅበ ዘለና እዩ ዝመስል፡፡ ወለድና ከምዝብልዎ *ዝሰቐልካዮ ብኹፍልካ /ኮፍ ኢልካ/ ተሲእኻ ክተውርዶ ይሰኣነካ ፣* እቲ ኩነታት እናገደደ እዩ ዝኸድ ዘሎ፣ ብኹፍልና ክንፍፅሞ ንኽእል ዝነበርና ሀዚ ኣብዘይንኽእለሉ ብርኪ ንበፅሕ ኣለና፣ ብቐሊሉ ንሰርሖ ዝነበርና ሐዚ ብብዙሕ ፃዕርን ምልምማፅን ንምፍፃም ንግደድ ኣለና፤ ኣብ ኢህወዴግ ይኹን ኣብ ሃገራዊ ዝነበረና ተቐባልነት እናተሸርሸረ ይኸድ ኣሎ፤ ስለዚ ጊዜ እናሃለወና ጊዜ ኣይንፀበ፡፡ ኣብዚ ሀዚ እዋን ንክልልካ እዚ ኣበርክት ኢልካዮ ዝስስዕ ትግራዋይ ኣይርከብን፣ ኣይኮነን ገንዘብን ንዋትን ህይወቱ ንምግባር ኣዕጥቑና እዩ ዝብል ዘሎ፡፡ እዚ ድማ ማንም ዘይረኽቦ ሃፍቲ ትግራዋይ እዩ፡፡ ፀላእትና ኮኽሒ ፈንቂሎምውን ክረኽብዎ ዘይኽእሉ ናይ ትግራዋይ ብሉፅነት እዩ፡፡ ስለዚ ጊዜ እናሃለወና ጊዜ ኣይንፀበ፡፡ እቲ ብስግኣትን ፀበባን ተፈጢሩ ዘሎ ዕድል ብኣግባቡ ብምጥቃም ንረብሓ ክልልናን ህዝብናን ነውዕሎ፡፡

ህዳሰ ኢትዮጵያ

ሕዳር 5፣ 2011 ዓ.ም.

hidaseethiopia@yahoo.com ወይከዓ hidaseethiopiaa@gmail.com